






# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

# ሕጋዊ መሰልን ኣገልግሎትን

## THE CANADIAN CHARTER OF RIGHTS AND FREEDOMS (ቅዋም መሰልን ናጽነትን ካናዳ)

The Charter (እቲ ቅዋም)፡ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ደቂ-ተባዕትዮን ናይ ደቀንስትዮን መሰልን ናጽነትን ይሕሉ፡

- ናጽነት እምነትካ ምግላጽ።
- ምስ ዝደለኻዮ ሰብ ሕብረት ናይ ምፍጣር ናጽነት።
- ናጽነት ሃይማኖት።
- ኣብ Canada (ካናዳ) ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ ናይ ምንባር መሰል።
- ካብ ብዘይሕጋዊ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምውዓል ወይ ምእሳር ዝሕሉ መሰል፡ ከምኡ'ውን መሰል ነቲ ዝግብኣካ ሕጋዊ መስርሕ።
- ኣብ ዓሌት፣ መበቆል ዓዲ፣ ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ዕድመ ወይ'ውን ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ስንክልና ዝተመርኮሰ ኣድልዎ ዘይብሉ መሰልካ ብመዓረ ምሕላው ከምኡ'ውን ማዕረ ናይ ሕጊ ረብሓታት ናይ ምርካብ መሰል።
- ብቋንቋ እንግሊዝ ወይ ብቋንቋ ፈረንሳይ ካብ ፌደራል ምምሕዳር ኣገልግሎት ናይ ምቕባል መሰል።

ነቲ Charter (ቅዋም) ኣብ ናይ Department of Justice (ፌደራል ክፍሊ ፍትሒ) ኣንብቦ፥ findlink.at/constiacts

## THE ONTARIO HUMAN RIGHTS CODE (ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ)

Under the Code (ኣብ ትሕቲ ሕጊ)፡ ንሰባት ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ገዛ ከምኡ'ውን ኣብ ቦታ ኣገግልሎት፡ ብመሰረት ዕድመ፡ ዓሌት፡ ነገድ፡ መበቆል ዓዲ፡ ሃይማኖት፡ ስንክልና፡ ኩነታት ሓዳር (ኩነታት ተመሳሳሊ ጾታ ሽርክና ሓዊስካ ማለት'ዩ)፡ መንነት፡ ብሕሉፍ ገበን፡ ጾታ ጀንደር ወይ ምልላይ ጾታ፡ ምፍልላይ ወይ ምጭናቕ ሕጋዊ ኣይኮነን።

ኣንጻር እዞም ዝተጠቕሱ ሕሉዋት መሰላት መሰረት ብምግባር፡ ፍልልይ ወይ ኣድልዎ ዝተገብረልካ ኮይኑ እንተደኣ ተሰሚዑካ፡ ጥርዓንካ ናብ ቤት ፍርዲ ሕጊ መሰል ሰብ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ካብ Human Rights Legal Support Centre (ማእከል ሕጋዊ ሓገዝ መሰል ሰብ ) ሕጋዊ ሓገዝ ክትረክብ፡ ኣብ hrlsc.on.ca ብጻሕ።

ኣብ Ontario (ኦንታሪዮ)፡ ብዛዕባ ሕጋዊ መሰል ሰብ ዝያዳ ንኽትመሃር፡ ንOntario Human Rights Commission (ንልኡኽ መሰል ሰባት ኦንታሪዮ) ኣብ፡ ohrc.on.ca ተወከሶ

## መሰል ኮተቴታት

ሓደ ንእሽቶ ሰብ፡ ከም እኹል ሰብ ዝቑጻር ወዲ 18 ዓመት ምስ በጽሐ ክኸውን ከሎ፡ ምስ ዕድመ ዝኸዱ ካልኦት ሕግታት ድማ ኣለዉ። ዝበሃል። ኣብ ኦንታሪዮ፡ ውጽኢት ቱምባኾ ክትሰዲ ኮነ ክትዕድግ፡ ዕድመኻ ግድን ወዲ 19 ዓመት ክኸውን ኣለዎ። ብጀካ ኣብ ገለ ኩነታት፡ ብስምምዕ ዝፍጸም ጾታዊ ግብሪ ዝፍቀደሉ ዕድመ 16 እዩ።


ብዛዕባ፡ ብስምምዕ ዝፍጸም ጾታዊ ግብሪ ዝፍቀደሉ ዕድመ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ findlink.at/ageconsent ተወከስ

## ሕጋዊ ኣገልግሎታት

ብዛዕባ፡ ሕጋዊ ስርዓታት ኦንታሪዮን ብኸመይ ሕጋዊ ኣገልግሎታት ትረክብ ዝምልከት ዝያዳ ክትመሃር እንተደሊኻ፡

መሐበሪ ኣብ ኦንታርዮ ዝርከቡ ጠበቓታትን በዓል ሞያ ሕጊን ንምርካብ፡ ንLaw Society of Upper Canada (ማሕበረሰብ ሕጊ ላዕልዋይ ካናዳ) ኣብ findlink.at/tlsu ረኺብካ ተወከሶ

- Legal Aid Ontario (ሕጋዊ ሓገዝ ኦንታሪዮ)፡ ትሑት ኣታዊ ንዘለዎም ሰባት ሕጋዊ ኣገልግሎት ይህብ። ናብ *1-800-668-8258* ደውል ወይ ን legalaid.on.ca ተወከሶ
- Settlement.org ብዛዕባ ስርዓተ-ሕጊ ከምኡ'ውን ሕጋዊ ኣገልግሎት Canadian (ካናዳ) ሓበሬታ ንምርካብ ን findlink.at/Legal-Serv ተወከሶ
- Community Legal Education Ontario (ሕጋዊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኦንታርዮ) ሰባት ሕጋዊ መሰሎምን ግዴታኦምን ክርድኦም ንምሕጋዝ፡ ሓበሬታ ዝህቡ ጽሑፋት የዳሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ cleo.on.ca ብጻሕ





Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

- ንሕጋዊ ሓበሬታ ዝምልከት፡ (ብልዕሊ 170 ቋንቋታት ዝወሃብ'ዩ) ናብ 1-866-252-0104 ደውል ወይ  ኣብ Justice Ontario (ፍትሒ ኦንታሪዮ)፡ attorneygeneral.jus.gov.on.ca ብጻሕ

ምምሕዳር ኦንታሪዮ፡ ብዘይ ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ሒዞኒ ዝብል ስምዕት እንተለካ፡ ነዚ ተርእዮ'ዚ ናብ Ombudsman of Ontario (ተሓላቒ ፍትሒ ኦንታሪዮ) ክትሕብር ትኽእል ኢኻ፡ ombudsman.on.ca

**ኣገዳሲ መዘኻኸሪ**

**ኣብ ኦንታሪዮ፡ ንመሰልካን ናጽነትካን ዝጣበቑ ክልተ ኣገደስቲ ሕግታት ኣለዉ፡**

- The Canadian Charter of Rights and Freedoms (ቅዋም መሰልን ናጽነትን ካናዳ)
- The Ontario Human Rights Code (ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታሪዮ)



orientation to ontario l'ontario c'est chez moi